

# ንዓኻ ንምሕጋዝ ዘለና ቃል ኪዳን

ንሕና መብራህቲ ከተማ ሲያትልን (Seattle City Light) ህዝባዊ ግልጋሎታት ሲያትልን (Seattle Public Utilities)፣ እቲ ቐንዲ ዕላማና ንዓኻ፣ ክቡር ዓሚልና፣ ዕጉብ ከምትኸውን ምግባር እዩ። ንሕና ከም ህዝባውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት መጠን፣ ክሳብ ዝከኣለና ብሉጽ ግልጋሎት ክንህበካ ቃል ንኣቱ። ነዚ ብኸመይ ከም እነተግብሮ እነሆ፡

## ቅኑዕን ግዜኡ ሓልዩ ዝወጽእን ናይ ሒሳብ ክፍሊት፣ ኣገልግሎትን፣ ደገፍን ክነቕርበልካ ቑርጸኛታት ኢና።

ቅኑዕ ክፍሊት ሒሳብ፡ ናይ ኣካፋፍላ ኣማራጺታትን፣ ከምኡድማ ኣብ'ቲ ዘድልየካ እዋን ሓገዝ ክንህበካ ቃል ንኣቱ። ፍትሓዊ ገንዘባዊ ደገፍን ነዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎታትን ነቕርብ፡

- ድሌታትካ ንምምላእ ዘኽእሉ ናይ ክፍሊት መደባትን ምድላዋትን ኣለዉና።
- ነቶም ናይ ሓይሊ መብራህቲ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ዓማዊልና ናይ ገምጋም ባጀት ክፍሊት ሒሳብ ኣማራጺ ነቕርበሎም ኢና። ን ወጻኢታትካ ብዝያዳ ንምምሕዳር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ተመሳሳሊ መጠን ገንዘብ ክትከፍል ትኽእል ኢኻ።
- ናይSeattle Public Utilities bill ወይ ናይ Seattle City Light bill ናይ ክፍሊት ሕሳብካ ክትከራኽሩሉ እትኽእሉ መንገዲ ኣለና።

## ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት ሒሳባትካ ክተመሓድርን ክትቅንስን ክንሕግዘካ ቃል ንኣቱ።

ንሕና፣ ዕቀባ ከባቢ ኣየር ክድንፍዕን ነቲ ናይ ክፍሊት ሒሳባትካ ክቕንስን ኣብ ምግባር ክንሕግዘካ ኢና። ንዓኻ ንምድጋፍ ነዞም ኣገልግሎታት ንህብ ኣለና፡

- ነቶም ናይ ኣታዊታት መስፈሪታት ዘማልኡ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ዓማዊል ዝኾኑ፣ Utility Discount Program ዝብል ኣማራጺ ነቕርብ ኣለና። ኣብ'ቶም ኣብ ቀጻሊ ዝህልዉኻ ክፍሊታት ቅነሳ ክትረክብ ትኽኢኻ ኢኻ።
- ነቶም ናይ ኣታዊ ሮቛሒታት ዘማልኡ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ዓማዊልና ናይ ህጹጽ እዋን መደባት ሓገዝ ክነቕርብ ኢና። ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ዝነበረ ዘይተኸፍለ/ውንዙፍ ሒሳብካ ንምንካይ ዘኽእል ቅልጡፍ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።
- ኣጠቓቕማ ማይ ንምቕናስን ንጸዓት ስሉጥ ብዝኾነ ኣገባብ ንምጥቃም ዘኽእሉን መፍሒታት ነቕርብ ኢና ንኣከባቢ ብምሕላውን ናይ ኣገልግሎት ዋጋታት ሒሳብ ኣብ ምቕናስን ክትሕግዝ ትኽእል ኢኻ።

## ቅልጡፍን ዘተኣማምንን ናይ ዓማዊል ኣገልግሎት ከነቕርበልካ ቃል ንኣቱ።

ነቶም ብዛዕባ ናይ ኣገልግሎት ኣቕረብትኻ ዝምልከት መልሲ - ብኢንተርነት፡ ብኣካል፡ ብተሌፎን፡ ወይ ብጽሑፍ ብቐሊሉ ክትረክብ ንምግባር ንደሊ። ወኪላትና ሰብ ፍልጠትን ኣኽበርቲ ሰባትን እዮም። በዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎታት ክሕግዙኻ ትጽቢት ክትገብር ትኽእል ኢኻ፡

- ነቲ ናይ ሒሳብካ ሓበሬታ ንምምሕዳር ዘኽእለካ ናይ ኣገልግሎት ወሃቢ ወብሳይት ክነቕርበልካ ንደሊ። ሕሳብ ክትከፍል፣ ኣገልግሎት ክትጀምር ወይ ደው ከተብል፣ ከምኡድማ ሓጋዚ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።
- ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲታት ካብ ሰዓት 7:30 ንግሆ ክሳብ 6:00 ድ ቀ ብስልኪ ቁጽሪ (206) 684-3000 ደዊልካ ክርከቡ ዝኽእሉ ወከልቲ ኣገልግሎት ዓማዊል ኣለዉና። ሕቶታት ክትሓትት፣ ክፍሊት ክትከፍል፣ ከምኡድማ ብዛዕባ ኣማራጺታት ክፍሊት ምሳና ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።

- ሕሳብካ ብኣካል ብምኽድ ክትከፍል ትኽእለሎም Customer Service Centers (ማእኸላት ኣገልግሎት ዓማዊል) ኣብ መላእ እዛ ኸተማ ኣለዉና።
- ክትበጽሖም ትኽእሎም ናይ ዓማዊል ኣገልግሎት ሓበሬታ መውሃቢ ቦታታት ኣለዉና። ናብ'ቲ ኣብ ዳውንታውን ሲያትል ዝርከብ ናይ ምምሕዳር ከተማ ሲያትል ህንጻ ራብዓይ ደብሪ ብምኻድ ንክፍሊታት ብዝምልከት ሓገዝ ክትረክብን ንሕቶታትካ መልሲታት ክትረክብን ትኽእል ኢኻ።

በቐሊሉ ተበጻሕቲ ዝኾኑን ንምርዳኦም ዘየጸግሙን ፍልፍላት ሓበሬታ ብምሃብ ክንድግፈካ ቃል ንኣቱ።

ነቲ ኣብ ክልልና ዘሎ ብዙሕነት ንሕጎሰሉ ኢና ንዓኻ ብዝበለጸ ደረጃ ክሰርሕ ዝኽእል መንገዲ ተጠቒምና ክንሕግዘካ ድማ ድልየት ኣለና። እዚ ማለት ንድልየታትካ ብዘማልእ መልክዑ ብብዙሓት ቋንቋታትን ቅርጺታትን ደገፍ ነቕርብ ኢና ማለት እዩ።

- ኣብ ናይ utility bill assistance (ሓገዛ ኣብ ክፍሊት ሒሳብ ግልጋሎታት)ን ከምኡ ድማ ኣብ ናይ Utility Discount Program (መደብ ቅነሳ ወሃብቲ ኣገልግሎት) ወብሳይታት ብብዙሓት ቋንቋታት ሓገዛት ነቕርብ ኢና።
- ዝተተርጎሙ ጽሑፋትን ናይ ምትርጓም ኣገልግሎታትን ካብ ክፍሊት ናጻ ንዓኻትኩም ነቕርብ ኢና። ምስ ተርጓማይ ካብ ክፍሊት ናጻ ንምዝርራብ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲታት፣ ካብ 7:30 ቅ ቀ. ክሳብ 6:00 ድ.ቀ. ብ (206) 684-3000 ክትድውል ትኽእል ኢኻ።
- ነቶም ምስማዕ ዘይክእሉ ወይ ናይ ምስማዕ ድሩትነት ዘለዎም ዓማዊል ሓገዛት ክነቕርብ ንኽእል ኢና። ናብ 711 ብምድዋል ቀጺልካ ን (206) 684-3000 ክተእቱ ትኽእል ኢኻ።

ብሓላፍነትን ብግሉጽነትን ኣገልግሎት ክንህበካ ቃል ንኣቱ።

ብዛዕባ ናይ ክፍሊት ሕሳባታትካን ኣገልግሎታትናን ንጹር ሓበሬታ ክንህበካ ኢና ኣብዚ ዘለና። ገንዘብካ ብግቡእ ንምምሕድርን ነቲ ሓበሬታ ከም ዝቐርብ ንምግባርን ቃል ንኣቱ።

- ኣብ ዓመታዊ ጸብጻባትና ነቲ ካብ ተጠቀምቲ ግልጋሎታት ዝርከብ ገንዘብ ብኸመይ ብሓላፍነት ከም እንጥቀመሉ ክነርኢ ኢና።
- ኣብ'ቶም ናይ ዓማዊል ናይ ሕሳብ መርኣዪ ወረቓቕቲ/ቢል እቲ ዝኽፈል ሕሳብን ናይ ኣጠቓቕማ ሓበሬታን ዝምልከት ሓበሬታ ነካትት ኢና።
- ብዛዕባ ናይ ሕሳብ ለውጢታትን ካልኦት ዓበይቲ ዜናታትን፣ መወዓዊዕን ካልእ መልእኽትታትን ተጠቒምና ክንሕብረካ ኢና።
- መደባት ኣብ ምውዳእ ክሕግዘካ ምእንታን ነቶም ንኣገልግሎታት ዝምልከቱ ግምታዊ ናይ ግዜ ሰሌዳ ሓበሬታታት ነቕርበልካ።

ምሳኻ ኣኽብሮታዊን ሓጋዚን ዝምድና ንምህናጽን ንምዕቃብን ቃል ንኣቱ።

ዓላማና ንስኻ እምነት ተሕድረሉ መሻርኽቲ ምዃን እዩ። ኣብ ነንሕድሕድና ውሑስን፣ ምክብባርን ዝተመልኦ ርክብ ክህልወና ንድግፍን ንጽበን ኢና። ብሓባር፣ መላእ ማሕበረሰብና ክምዕብል ይኽእል እዩ።

ኣብ ሕድሕድ ደረጃ እዚ መንገዲ ሓሳባትና ግሉጻት፣ ሓገዝቲን፣ ኣኽብሮት ዘለዎምን ክኾኑ ንምግባር ቃል ንኣቱ። ኣገልግሎታትና ንምምሕያሽ ዝወሃቡ ርእይቶታት/ግብረመልሲታት ክንሰምዕ ድልየት ኣለና። እንተደኣ ሓገዝ ደሊኻ ወይ ሕቶታት ኣለዉኻ ኮይኖም፣ ብኽብረትካ ክትረኽበና ፈትን። ንዓኻ ንምሕጋዝ ኢና ኣብ'ዚ ዘለና።

Seattle

Seattle.gov/utility-commitments